# ብመስዋእቲ ሓርበኛ ተጋዳላይ ሚኒስተር ወልደንክኤል ገብረማርያም
# ብኣብ ሕ/መ/ኣሜሪካ ዝነብሩ ኤርትራውያን ዜጋታት ዘወጽአ መግለጺ

ንሕና ኣብ ሕ/መ/ ኣሜሪካ እንርከብ ኤርትራውያን፣ ብመስዋእቲ ሓርበኛ ገዲም ተጋዳላይ ሚኒስተር ወልደንክኤል ገብረማርያም ፣ ዝተሰማዓና መሪር ሓዘን እንዳገለጽና፣ ቅድም ቀዳድም ንቤተሰቡ ፣ ቀጺልና ንመንግስቲን ንህዝቢን ኤርትራ ጽንዓት ይሃብ ንብል።



ገዲም ሓርበኛ ወልደንክኤል ገብረማርያም ፣ ሙሉእ ህይወቱ ፣ ንሃገሩን ህዝቡን ወፍዩ፣ ካብ ምምስራት ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ (ሓራካ/ማሕበር ሸውዓተ) ናብ ምውላድ ህዝባዊ ሓይልታት/ህዝባዊ ግንባር፣ ስጋብ ምምጻእ ሃገራዊ ናጻነት፣ ድሒሩ ድማ ኣብ ምዕቃብ ልኡላውነት ሃገር ኣብ ዘተገብረ ታሪኻዊ ገድሊን መኸተን፣ ብጅግንነት ተቓሊሱ፣ ዘቃለሰ ኣብነታዊ ሓርበኛ ታጋዳላይን መራሒን ብምንባሩ ፣ ብታሪኹ ሕቡናት ኢና።

በዚ ኣጋጣሚ፣ ነቲ ስዉእ ሚኒስተር ወልደንክኤል ገብረማርያምን ፣ ቅድሚኡ ዝሓለፉ ብጾትን ዝሓደጉልና ዕዙዝ ሕድሪ ኣብ ሸቶኡ ንምብጻሕ፣ ሰላምን ቅሳነትን ዝዓሰላ ፣ ስልጥንቲን ስስንቲን ኤርትራ ንምህናጽ ኣብ ዝግበር ኩሉ መደባት ህዝቢን መንግስቲን ኤርትራ ንምዕዋት ሎሚ'ዉን ከም ትማሊ ድሉዋት ከም ዘሎና መብጽዓና ነሐድስ።

ሓርበኛ ኣይነብርን'ዩ ፤ ታሪኹ'ዩ ዝዉረስ!
ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስዉኣትና !

ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ !
ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን ኣብ ሕ/መ/ኣሜሪካ
ነሓሰ 04, 2013